## ናብ AFSCME (ናይ ኣሜሪካ ሃገር፣ ዞባ ከምኡ ውን ምምሕዳር ከተማ ሰራሕተኛታት ፌዴሬሽን)_LOCAL (ኣከባብያዊ) 328 እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም

ኣብ OHSU (ናይ ኦሪገን ናይ ጥዕናን ሳይነስን ዩኒቨርሲቲ) ንዝረኸብኩሞ ሓድሽ ስራሕ እንቋዕ ሓጎሰኩም! ኣብዚ ናይ ሕጂ ስራሕኩም ብኣመሪካዊ ፈደረሽን ናይ ክፍለ ሃገር፣ ኣውራጃ ከምኡ ውን ናይ ምምሕዳር ከተማ ሰራሕተኛታት (AFSCME) ዝበሃል ማሕበር ሰራሕተኛታት ክትውከሉ ኢኹም። እቲ ኣብ OHSU ዝርከብ ማሕበር (ኣከባብያዊ 328) ዝተመስረተሉ ኣብ 1985 ኮይኑ ኣስታት 7,000 ሰራሕተኛታት ድማ ይውክል።

### ማሕበር ዝበሃል እንታይ እዩ?

ማሕበር ሰራሕተኛታት ዝበሃል ንስርሖም ከምኡ ውን ናይ ስራሕ ኩነታቶም ንዝጸሉ ውሳኔታት ንምውሳድ ዝተወደቡን ዝሓበሩን ጉጅለ ናይ ሰራሕተኛታት ማለት እዩ። ኣብ ውሽጢ ማሕበር ኣለና ማለት ድማ ንሕና ሰራሕተኛታት ደሞዝና፣ ሰዓታት፣ ጥቕምታት (ክንክን ጥዕና፣ ጥሮታ፣ ናይ ትምህርቲ ዳግመ ክፍሊት፣ ወዘተ) ከምኡ ውን ዕረፍቲ ኣብ ምውሳን ድምጺ ኣለና ማለት እዩ። ብተወሳኺ ከም ዉሑስን ኣኽብሮት ዘለዎን ናይ ስራሕ ኣከባቢ፣ ግሉጽ ዝኾነ ዲሲፒሊናዊ መስርሕ ከምኡ ውን ናይ "ርትዓዊ ጠንቂ" ውሕስነት (እዚ ማለት ብዘይ ዝኾነ ምኽንያት ኣይትስጎግን ኢኻ ማለት እዩ) ዝተፈላለዩ መሰላት ኣለና ማለት'ዩ። ሰራሕተኛታት ንሓድሕዶም ምስ ዝተሓላለዉ እቲ ናይ ስራሕ ኩነታት ንኹሉ ሰብ ክመሓየሽ እዩ። እቲ ቐንዲ ማሕበርና ነዚ ዝገብረሉ መንገዲ ድማ ምስ OHSU ውዕል ብምልዛብ እዩ። ዉዕል ዝበሃል ብሕጊ ዝቕይድ ሰነድ ኮይኑ ንደሞዝና፣ ሰዓታት፣ ጥቕምታት፣ ወዘተ ድማ ይሰርዕ። ውዕላት ከም ንውሓቶም ካብ ክልተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመታት ክፈላለዩ ይኽእሉ። እቲ ውዕል ናብ ምውዳእ ገጹ ምስ ቐረበ፣ ኣከባቢያዊ 328 ከምኡ ውን OHSU ናብ ዳግመ ምልዛብ ይሰርሑ።

### ምልዛብ ብኸመይ እዩ ዝሰርሕ?

ኣከባቢያዊ 328 ምስ OHSU ክላዘቡ ከለዉ፣ ነፍስ ወከፍ ወገን ዝውክሎም ጉጅለ ኣለዎ። ንሕና ንማሕበርና ዝውክሉ 12 ኣባላት ንመርጽ ከምኡ ድማ OHSU ንኣስራሒ ዝውክሉ 12 ኣካየድቲ ስራሕ ይመርጽ። ዝኾነ ግቡኡ ዝኸፍል ኣባል ምስታ ናይ ምልዛብ ጉጅለ ክሰየም ይኽእል እዩ። ግቡኦም ዝኸፍሉ ኣባላት ጥራይ ኣብቲ ምርጫ ከድምጹ ይኽእሉ። ነቲ ምልዛብ ንምድላው፣ ማሕበርና ነታ ጉጅለና ኣብ ምልምማድ ኣዋርሕ የሕልፍ። ክልቲኦም ኣከባቢያዊ 328 ከምኡ ውን OHSU ናብቲ ምልዛብ ነቲ ዝቕጽል ውዕል ብኸመይ ክቕየር ከምዝደልይዎ ሓሳባት ሒዘም ይመጹ። ማሕበርና እቲ ቐንዲ ዘገድሶም (ደሞዝ፣ መድሕን፣ ወዘተ) እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ ንሰራሕተኛታት የጽንዕ ከምኡ ውን ነቲ እማመታትና ኣብቲ መልሰ-ሓበሬታ ተመርኪሱ ይፈጥሮ። ምልዛብ ንሓያሎ ኣዋርሕ ይጸንሕ። ኣብዘን ኣዋርሕ እማመታት ብክልቲኦም ወገናት ይቐርብ፣ ገሊኡ ተቐባልነት ይረክብ ገሊኡ ከኣ ይንጸግ። ኣብ መላእ ናይ ምልዛብ እዋን፣ ኣከባቢያዊ 328 ብዛዕባ እንታይ የጋጥም ከምዘሎ ናብ ኩሎም ኣባላቱ ሓድሽ ሓበሬታ ይሰድድ።

እንተደኣ ምልዛብ ጽቡቕ ይኺይድ ዘይሃልዩ ከምኡ ድማ ኣባልነትና በቲ ናይ ኣማሓደርቲ እማመታት ዘይተሓጉሶም፣ ኣባላት ኣብ ህዝባዊ ምንቅስቃሳት ከም ንማሕበር ንምድጋፍ ጠባቒ ጽሑፍ/መልጎም ምልባስ፣ ጉባኤታት ምክያድ ከምኡ ውን ምስታፍ ኣብ ናይ ሓበሬታ ኣድማዊ ዕግታ ክገብሩ ይኽእሉ። ከም ናይ መጠረሽታ ኣማራጺ፣ እታ ናይ ኣከባቢያዊ 328 ናይ ምልዛብ ጉጅለ ንኣባልነት ናይ ኣድማ ድምጺ ንኸፍቅዱ ክትሓቶም ትኽእል፣ ኣዝዩ ዓቢ ክፋል ናይ ኣባላት ኣድማ ንምፍቃድ እንተደኣ ኣድሚጾም ከኣ እታ ናይ ምልዛብ ጉጅለ ኣድማ ንኽግበር ክትጽውዕ ትኽእል። ክልቲኦም ወገናት ኣብ ናይ ሓድሽ ውዕል ግዝያዊ ስምምዕ እንተደኣ በጺሖም፣ ማሕበርና ንኣባልነት ንኽጽድቕዎ ትሓቶም። ግቡኦም ዝኸፍሉ ኣባላት ጥራይ ውዕል ንምጽዳቕ ከድምጹ ይኽእሉ።

**ናይ ማሕበር ግቡኣት እንታይ እዮም?**

ኣብ ማሕበር ምህላው ማለት ናይ ማሕበር ግቡኣት ምኽፋል ማለት'ዩ። ግቡኣት ዝበሃሉ ኣባላት ንናይ ማሕበር ኣሰራርሓ ንምድጋፍ ዝህቡዎም ክፍሊታት እዮም። ማሕበርና ጠንኪራ ንኽትቅጽል ንኣባላት ግቡኦም ክኸፍሉ ንሓቶም። እቲ ግቡኣት ንኣከባቢያዊ 328 ዉዕልና ከነተግብር፣ መካየዲ ናይ ማሕበር ዘድሊ ሕጋዊ/ምምሕዳራዊ ወጻኢታት ክንከፍል፣ ናይ ምልዛብ ጉጅለናን ወከልትናን ከነለማምድ ከምኡ ውን ጠቓሚ መደባት ንኣባላትና ከነካይድ ይሕግዘና። እቲ ግቡኣት $3.48 + 1.27% ናይ መሰረታዊ ደሞዝኩም (ናይ ትርፊ ሰዓት ወይ ናይ ፍልልይ ዘየጠቓልል) ኣብ ወርሒ እዩ; ሓደ ኣባል ዝለዓለ ክኸፍሎ ዝኽእል ግቡእ $69.70/ወርሒ እዩ። እቲ ግቡኣት 24 ግዜ ኣብ ዓመት ካብ ደሞዝኩም ብቐጥታ ዝጎድል እዩ። ናይ ኣባላትና ግቡኣት ብዶላር ንኣከባቢያዊ 328፣ናይ Oregon AFSCME Council (ቤት ምኽሪ) 75 ከምኡውን AFSCME International (ዓለምለኻዊ) ይድግፍ።

**መደብ PEOPLE**

AFSCME ብተወሳኺ **PEOPLE** (ሕጋዊ ማዕርነት ንምድንፋዕ ዝተወደቡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ) ዝተሰምየ ናይ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ መደብ ኣለዎ፣ እዚ ድማ ብወለንታዊ ወፈያ ካብ ኣባላት እዩ ዝምወል። እቲ ናይ **PEOPLE** መደብ ኣባላት AFSCME ኣብ ኦሬጎን ንዘካይዶ ፖሎቲካዊ ስራሕ ዝድግፉሉ መንገዲ እዩ። እዚ ምወላታት ደጋፊ ሰራሕተኛታት ዝኾኑ ፖሎቲከኛታት ኣብ ምምራጽ ከምኡ ውን ንሰራሕተኛ ህዝቢ ጽቡቕ ዝኾነ ስርዓተ ሕጊ ኣብ ምድጋፍ ይውዕል። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፣ እዚ ናይ **PEOPLE** መደብ ናይ ክፍለ-ሃገር ዝተሓተ ደሞዝ ክብ ኣብ ምባል፣ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ናይ ሕማም ዕረፍቲ ኣብ ምውሓስ ከምኡ ውን ኣብ ሃገር ምሉእ ዝያዳ ብርኩት ዝኾነ ናይ ስድራ-ቤት ዕረፍቲ ኣብ ምሕላፍ ጠቒሙ እዩ።

**ኣወዳድባ ናይ ኣከባቢያዊ 328**

ማሕበርና ዝተመረጹ መራሕቲ ኣባላት ዝሓቖፈ ፈጻሚ ኮሚተ ኣለዎ። ዝኾነ ግቡኡ ዝኸፍል ኣብ ጽቡቕ ደረጃ ዘሎ ኣባል ንዝኾነ ጽፍሒ ኣብቲ ኮሚተ ክወዳደር ይኽእል እዩ። እታ ኮሚተ ናይ ማሕበርና ባጀት ትቆጻጸር፣ ንኣባላት ኣከባቢያዊ 328 እንታይ ትገብር ከምዘላ ቐጻሊ ሓበሬታ ትህብ፣ ንኣባላት ዘጋጥሞም ገዚፍ ዝዓቐኑ ጸገማት ኣተኩሮ ትህብ፣ ኣየኖት ጥርዓናት ናብ ዕርቂ ከምዝውሰዱን ካልእን ትውስን። ማሕበርና ብተወሳኺ ናይ ማሕበር ዋኒናትን ምንቅስቓሳትን ኣብ ምክያድ ዝሕግዛ ብርክት ዝበላ ንኣሽቱ ኮሚተታት ኣለዉኦ። ማሕበርና ክፋል ናይ Oregon AFSCME ቤት-ምኽሪ 75 እዩ፣ እዚ ድማ ንረብሓታት ናይ ኩለን ኣብ Oregon ዝርከባ ናይ AFSCME ማሕበራት ይቆጻጸር።

**መሰል ናይ ውክልና**

ምስ ኣካያዲ ስራሕካ ናብ ኣኼባ እንተደኣ ተጸዊዕካ'ሞ እቲ ኣኼባ ከኣ ውጽኢቱ ናብ መቕጻዕቲ ወይ ምቁራጽ ስራሕ ከምርሕ ዝኽእል እንተኾይኑ፣ ከም ክፋል ናይ Weingarten ዝበሃል መሰላትካ ኣብ እዋን ኣኼባ ወኪል ናይ ማሕበር ምሳኻ ንኽህሉ መሰልካ እዩ። እዞም መሰላት ንኹሎም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ንዝርከቡ ኣባላት ማሕበር የገልግሉ። ኣብ OHSU እዞም ኣኼባታት ምርመራኣዊ ኣኼባታት እዮም ዝበሃሉ። ኣካያዲ ስራሕካ ብዛዕባ ከምዚኦም ኣኼባታት ናይ 36 ሰዓታት ምልክታ ክህበካ የድልዮ። ምርመራኣዊ ኣኼባ ከምዘለካ እንተደኣ ተሓቢሩካ፣ ብቕልጡፍ ናብ ማሕበርና ብምሕባር ንውክልና ሕተት።

**ናይ ወኪል (Steward) መደብ**

ወከልቲ ዝበሃሉ ብወለንትኦም ንብጾቶም ተወከልቲ ሰራሕተኛታት ዝድግፉ ኣባላት እዮም። ናይ ውክልና ስራሕ ዝኽፈሎ ስራሕ ኮይኑ ብውዕል ድማ ዝተሓለወ እዩ። ሰለስተ ቐንዲ ዓይነታት ናይ ወኪል ኣለዉ፡

- ናይ ምርመራ ወከልቲ ፡ ናብ ምርመራኣዊ ኣኼባ ዝተጸውዐ ተወካሊ ሰራሕተኛ ኣብቲ ኣኼባ ካብቲ ማሕበር ወካሊ ንኽህልዎ ይፍቀዶ እዩ። ናይ ምርመራ ወከልቲ ኣብዞም ኣኼባታት መዘኻኽሪ ብምውሳድን እቲ ኣኼባ ብቕኑዕ ይካየድ ከምዘሎ ብምርግጋጽን ንሰራሕተኛታት ይሕግዙ።
- ናይ ጥርዓን ወከልቲ ፡ OHSU ንውዕል ከምዝገሃሰዎ ዝኣመነ ተወካሊ ሰራሕተኛ ጥርዓን ከምስርት ይኽእል እዩ። ናይ ጥርዓን ወከልቲ ምስ ሰራሕተኛ እቲ ውዕል ከምዝተጋህሰ ኣብ ምውሳን ከምኡ ውን ነቲ ኲነታት ኣብ ምዕራይ ይሰርሑ።
- ናይ መሪሕነት ወከልቲ ፡ ናይ መሪሕነት ወከልቲ ኣብ ኣከባቢያዊ 328 ናይ ወኪል መደብ ከም ኣመሓደርቲ ይሰርሑ ከምኡ ድማ ንተወከልቲ ሰራሕተኛታት ምስ ጸጋታት ናይ ማሕበር ኣብ ምርኻብ ይሕግዙ።

ዝኾነ ግቡኡ ዝኸፍል ኣባል ድሕሪ ኣብ ልምምድ ምስታፉ ወኪል ክኸውን ይኽእል። ወኪል ንምዃን ተገዳስነት እንተደኣ ሃልዩኩም በዚ ኣድራሻ ኢመይል ጽሓፉ chiefsteward@local328.org

**ናይ ክፍሊ ወከልቲ**

ብዘይካ እቶም ኣብ ናይ ውዕልን ውክልናን ጉዳያት ዝሰርሑ ወከልቲ ፣ ኣከባቢያዊ 328 ብተወሳኺ ከም ናይ ክፍሊ ወከልቲ ዘገልግሉ ኣባላት ኣለውዎ። ናይ ክፍሊ ወከልቲ ኣብ መንጎ መሳርሕቶምን ናይ ማሕበርና መራሕትን ከም መራኸቢ መስመር ኮይኖም ይሰርሑ። ማሕበርና እንታይ ይገብር ከምዘሎ ንምፍላጥ ኣብ ወርሓዊ ኣኼባታት ይሳተፉ ከምኡ ድማ ነቲ ሓበሬታ ምስ መሳርሕቶም የካፍልዎ። ናይ ክፍልኹም ወካሊ መን ምዃኑ ንምፍላጥ ወይ ናይ ክፍሊ ወኪል ንምዃን ተገዳስነት እንተደኣ ሃልዩኩም በዚ ኣድራሻ ኢመይል ጽሓፉ kbaker@oregonafscme.org

**ሕቶታት ወይ ሽግራት?**

ብዛዕባ እቲ ውዕል ዝኾነ ሕቶ እንተደኣ ሃልዩኩም ወይ ናይ ቦታ ስራሕ ሽግራት እንተደኣ ሃልዩኩም፣ ንናይ ምርመራኣዊ ኣኼባ ውክልና እንተደሊኹም ወይ ድማ ብዛዕባ ማሕበርና ዝያዳ ሓበሬታ ክትፈልጡ እንተደሊኹም ብኽምዚዚ ዝስዕብ ክትረኽቡና ትኽእሉ ኢኹም፡

- ናብ ናይ ክፍልኹም ወኪል ብምብጻሕ
- ንዓና ኣብ Facebook ከምኡ ውን Twitterብምክትታል
- ኣብ መስመር በዚ ዝስዕብ 328.unionlabor.org ብምርኻብ
- ናብ ኣከባቢያዊ 328 በዚ (971) 804-0237 ብምድዋል
- ናብ ናይ Oregon AFSCME SMART Center (ማእከል) በዚ (844) 758-6466 ብምድዋል

እቲ SMART Center (ማእከል) እንግሊሽ ከም ቀዳማይ ቋንቋኦም ንዘይዛረቡ ኣባላት ተርጎምቲ ኣለዎ። ብተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ማሕበርና ኣብ ናይ ማሕበርና ድሕረ-ገጽ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም (www.local328.org)